Seattle Department of Transportation

# ናይ ክፍሊ መጎዓዝያ ሲያትል (SDOT) ዝኾነ

# በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል (SHA) ብዛዕባ መሕለፊ ትራንዚት ተደጋጊሞም ዝሕተቱ ሕቶታት (2023)

1. **ናይ ክፍሊ መጎዓዝያ ሲያትል በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል (SHA) መደብ መሕለፊ ትራንዚት እንታይ እዩ?**

   ናይ ክፍሊ መጎዓዝያ ሲያትል (SDOT's) ዝኾነ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል (SHA) መሕለፊ ትራንዚት፡ ነቶም ኩሎም ብበዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ዝውነኑን ዝመሓደሩን ንብረታት ዝነብሩ ነበርቲ ዝቐርብ ምሉእ ድጎማ ዝግበሮ ናይ ኦርካ ካርድ ዓይነት እዩ። እቶም ተሳተፍቲ ናይ እዚ መደብ ክሳብ ታሕሳስ 31, 2026 ብትራንዚት ተጠቒሞም ካብ ክፍሊት ናጻ፣ ገደብ ዘይብሎም ጉዕዞታት ክገብሩ ይኽእሉ እዮም።

2. **ንመደብ መሕለፊ ትራንዚት ናይ ክፍሊ መጎዓዝያ ሲያትል በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ብቑዕ ዝኾነ መን እዩ?**

   ኩሎም ነበርቲ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ዕድመኦም 19ን ልዕሊኡን ዝኾኑም ኣብ'ተን ብበዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ዝውነናን ዝመሓደራን ንብረታት ዝነብሩ ነበርቲ ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል መሕለፊ ትራንዚት ንምርካብ ብቑዓት እዮም። ኣብ'ዚ መደብ እዚ ተሳታፊ ንምኳን ክማልኡ ዘለዎም ናይ ኣታዊ ሮቛሒታት የለውን። <u>ውልቀ-ሰባት ካርድ ኦርካ ክረኽቡ እንተኾይኖም ኣብ'ቲ ናይ ክራይ ውዑል ዝርዝር ክግለጹ ኣለዎም።</u> እንተደኣ ዝኾነ ሰብ ኣብ'ዚ ሐዚ እዋን ኣብ'ቲ ዝርዝር ውዑል ክራይ ዘይርከብ ኮይኑ እሞ ክጽንበር ዘለዎ እንተኾይኑ ብኽብረትካ ምስ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ክትዘራረብ ንላበወካ።

3. **አየኖት ንብረታት/ኣባይቲ እዮም ኣብ'ዚ መደብ እዚ ተሳተፍቲ ንምኳን ብቑዓት ዝኾኑ?**

   ኩሎም እቶም 99 ብበዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ዝውነኑን ዝመሓደሩን ንብረታት/ኣባይቲ ኣብ'ዚ መደብ እዚ ንምስታፍ ብቑዓት እዮም። እቶም ብበዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ዝውነኑ ግን ድማ ዘይመሓደሩ ንብረታት/ኣባይቲ ኣብ'ዚ መደብ እዚ ተሳታፊ ንምኳን ብቑዓት ኣይኮኑን። ዝርዝር ብቑዓት ዝኾኑ ንብረታት/ኣባይቲ ኣብ'ዚ ድሕረ-ገጽና www.seattle.gov/transportation/TransitPassProgram ክርከብ ይኽእል እዩ።

4. **ነቲ ሓድሽ ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል መሕለፊ ትራንዚት ኣበይ ክጥቀመሉ ይኽእል?**

   እቲ ናይ ክፍሊ መጉዓዝያ ሲያትል መሕለፊ ትራንዚት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ናብ'ቲ ካርድ ኦርካ እዩ ዝምለእ። ነቲ ካርዲ ካብ ክፍሊት ብናጻ ኣብ ኪንግ ካውንቲ ሜትሮ፣ ኪንግ ካውንቲ ዋተር ታክሲ፣ ናይ ሲያትል ስትሪት ካር፣ ሲያትል ሰንተር ሞኖ ሬይል፣ ሳውንድ ትራንዚት፣ ኮሙኒቲ ትራንዚት፣ ፒርስ ትራንዚት፣ ኪትሳፕ ትራንዚትን ኣብ ኤቨረት ትራንዚትን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ነዚ ካርድ ኦርካ ኣብ ኣክሰስ ወይ ኣብ ቪያ ቱ ትራንዚት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። እዚ ካርድ ኦርካ ኣብ መጎዓዝያ ማይ (Ferry) ግዝኣት ዋሺንግተን ኣብ ጥቅሚ ዘይክውዕል ይኽእል እዩ።

5. **ኣነ ነዚ መደብ እዚ ዘገልግሉ ካርድታት ኦርካ ኣብ ምቕባል ዝርከብ ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ንብረት እዩ ዝነብር። ሓድሽ ካርድ ኦርካ ንምርካብ እንደገና ከመልክት ኣለኒ ማለት ድዩ?**

   ሓድሽ ካርድ ኦርካ ንምርካብ መሊስካ ክተመልክት ኣየድልየካን እዩ። ኩሎም ሐዚ ዘለዉ ካርድታት ክሳብ 31 ታሕሳስ 2026 ዝተናውሑን ኣገልግሎት ክህቡ ዝኽእሉን እዮም። ነቲ ዝነበረካ ካርድ ኦርካ ምጥቃም ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ። ኩሎም እቶም ቀጻሊ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ተሳተፍቲ- እቲ መደብ ብኸመይ ይሰርሓሎም ከምዘሎ ክንፍለጥ ዝሕግዘና ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ኣብ'ዚ ሊንክ እዚ ብምእታው ብምውሳድ ከፍልጡና ነተባብዕ፡ [www.surveymonkey.com/r/SHAIntakeForm](www.surveymonkey.com/r/SHAIntakeForm) እቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዳለወን ኣብ'ዚ ዝስዕብ ሊንክ ክርከብ ዝኽእልን እዩ፡ [www.seattle.gov/transportation/TransitPassProgram](www.seattle.gov/transportation/TransitPassProgram)

6. **በዚ መደብ እዚ ኣቢለ ካርድ ኦርካ ተቐቢለ ምኺነይን ዘይምኺነይ ብኸመይ ክፈልጥ ይኽእል?**

   ኩሎም እቶም በዚ መደብ እዚ ኣቢሎም ዝተዓደሉ ካርድታት ኦርካ ኣብ ዝባኖም መፍለዪ ምልክት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ኣለዎም። እንተደኣ ርግጸኛ ዘይኮንካ ኮይንካ፣ ምስ ክፍሊ መጉዓዝያ ሲያትል ምስተራኸብካ ነቲ ሓበሬታኻ ክነረጋግጸልካ ንኽእል ኢና።

7. **እቲ ክሰፍሕ ዝተገብረ ናይ ክፍሊ መጉዓዝያ ሲያትል መደብ መሕለፊ ትራንዚት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል መዓስ እዩ ክጅምር?**

   ናይ'ዚ መደብ ምስፍሕፋሕ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2023 ዕላው ዝግበር ኮይኑ ናይ ካርድ ዕደላ ድማ ኣብ ጥሪ 24, 2023 ክጅመር እዩ።

8. **እዚ መደብ እዚ ብኸመይ እዩ ዝምወል?**

እቲ መደብ ብመንገዲ እቲ ቅድሚ ሕጂ ጥቕሚ መጓዓዝያ ዲስትሪክት ሲያትል (STBD) ተባሂሉ ዝፍለጥ ብዝነበረ ስጉምቲ መጓዓዝያ ሲያትል (STM) ዝምወል እዩ። ስጉምቲ መጓዓዝያ ሲያትል ብመረጽቲ ዝጸደቐ ግብሪ መሸጣ ኮይኑ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ድማ ብመረጽቲ ኣብ ሕዳር 2020 ዝጸደቐን ኣብ ሚያዝያ 2027 ድማ ግዜኡ ዘብቅዕን እዩ።

## 9. ከመይ ጌረ እዩ ነቲ ሓድሽ ናይ ክፍሊ መጉዓዝያ ሲያትልን መንበሪ ኣባይቲ ሲያትልን መሕለፊ ትራንዚት ክረክብ ዝኽእል?

እቶም ኣብ ሮቛሒታት ብቑዕነት ዘማልኡ ንብረታት ዝነብሩ ነበርቲ ነቲ መደብ ብዝምልከት ንሕድሕድ ድልየት ዘለዎን ብቑዕን ዝኾነ ኣባል ስድራ ነቲ ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ቅጥዒ ቅበላ ክመልእ ዝዕድም ምልክታ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2023 ብፖስታ ክለኣኸሎም እዩ። እቲ ቅጥዒ ኣብ ኢንተርኔት/መስመር ብቋንቋታት እንግሊዘኛ፣ ኣምሓርኛ፣ ዓረብኛ፣ ቻይንኛ (ቀሊል)፣ ቻይንኛ (ባህላዊ)፣ እንግሊዝኛ፣ ከመር፣ ኮሪያኛ፣ ኦሮምኛ፣ ሩስያኛ፣ ሶማልኛ፣ ስፔንኛ፣ ታግሎግ፣ ትግርኛን ቬትናሚኛን ኣብ'ዚ ድሕረ-ገጽና ክርከብ ይኽእል እዩ፡ www.seattle.gov/transportation/TransitPassProgram. ከም መዘኻኸሪ፣ እቶም ኣብ'ቲ ናይ ክራይ ውዕል ዝተጠቕሱ ውልቀሰባት ጥራሕ እዮም ነቲ ካርድ ክረኽቡ ብቑዓት ዝኾኑ።

ካርድታት ኣብ'ቶም ብኣካል ኣብ ወርሒታት ጥሪን መጋቢትን 2023 ዝዳለዉ ምድላዋት ክዕደሉ እዮም። እቶም ካርድታት ዝዕደሉሎም ቦታታት ብትራንዚት ተጠቒምካ ክብጽሑ ዝኽእሉ ወይ ድማ ናብ'ቶም ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ንብረታት ኣብ ዝቐርብ ቦታ ክግበሩ እዮም።  ኩሎም እቶም ካርዲ ዝወሃቦም ውልቀሰባት ስሞም ዝተጽሓፎ ዝኾነ ነገር ሒዞም ክመጽኡ ኣለዎም፣ እዚ ድማ ግድን ዕላው ሰነድ ክኾን የብሉን፣ እዚ ነቲ ቅኑዕ ኣጸሓሕፋ ፊደላት ስምኩም ንምርግጋጽ እንጥቀመሉ እዩ ክኸውን።

ብዛዕባ እቶም ካርዲ ዝዕደለሎም ቦታታትን ዕለታትን ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ድሕረ-ገጽና ርኸብ፡ www.seattle.gov/transportation/TransitPassProgram።

## 10. ኣብ ኩሎም እዞም ብኣካል ዝግበሩ ናይ ምዕዳል ምድላዋት ክርከብ ኣይክእልን እየ። ካርድ ኦርካ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

ከክንዳኻ ኮይኑ ዝኾነ ሰብ ነቲ ካርድ ክቕበለልካ ይኽእል እዩ፣ ይኹን እምበር እዚ ክኸውን ዝኽእል ነቲ ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ናይ መቐበሊ ቅጥዒ ሊንክ ተጠቒምካ ኣቐዲምካ ተመዝጊብካ እንተኔርካ እዩ። ነቲ ቅጥዒ ኣብ'www.seattle.gov/transportation/TransitPassProgram። ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። እቲ ነቲ ካርድ ዝቕበለልካ ዝኾነ ሰብ ስምካ ዝተጽሓፎ ዝኾነ ነገር ሒዙ ክመጽእ ኣለዎ፡ እዚ ድማ ናይ መኪና መግንሒ ሊቸንሳ ወይ መንነት መለለዪ፣ ናይ ክራይ መግለጺ፣ ወይ ናይ ፖስታ መልእኽቲ ዝሓዘ ወረቐት ክኾን ይኽእል። ግድን ዕላው ሰነድ ክኾን ኣየድልዮን፣ እዚ ቅኑዕ ኣጸሓሕፋ ፊደላት ናይ ስምካ ንምርግጋጽ እንጥቀመሉ ጥራሕ እዩ።

ከክንደኻ ኮይኑ ካርድ ክቕበለልካ ዝኽእል ዝኾነ ሰብ ኣብ ዘይህልወሉ ግዜ፣ ነቲ ኣብ ኢንተርኔት/መስመር ዝርከብ ናይ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ናይ ቅበላ ቅጥዒ እንተመሊእኻ እሞ ኣብ'ቲ መደብ ተሳታፊ ንምዃን ብቑዕ እንተኾይንካ፣ ኣብ መወዳእታታት ስፕሪንግ/ጽድያት 2023 ነቲ ካርዲ ብፖስታ ክንሰደልካ ኢና።

11. **ኣብ ቀጻሊ፣ ተወሰኽቲ ሰባት ካብ ኣብ ናይ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም መንበሪ ኣባይቲ ተኻርዮም ዝርከቡ (ንኣብነት ከም ክፋል 8 ቫውቸር ዘለዎም) ነቲ ናይ ክፍሊ መጕዓዝያ ሲያትል መሕለፊ ትራንዚት በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ንምርካብ ብቑዓት ክኾኑ ድዮም?**

   ኣብ መላእ ጻንሒት እዚ መደብ፣ ክፍሊ መጕዓዝያ ሲያትልን በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትልን ነቲ መደብ ንምግምጋም ብሓባር ክሰርሑ እዮም። ውጽኢታት ናይ እቲ ገምጋም፣ ካብ ህዝቢ ዝርከብ ግብረ መልሲን፣ ምወላ ናይ ምርካብ ዕድልን ነቲ መደብ ኣብ'ቶም ዝመጹ ዓማውቲ ቅርጺ ዘትሕዙ ጉዳያት እዮም ክኾኑ።

12. **ነቶም ዝጠፍኡኒ/ዝተበላሸዉኒ ካርድታት ኦርካ ብኸመይ ክትክኦም ይኽእል?**

   እንተደኣ እቲ ናትካ ካርድ ኦርካ ጠፊኡ ወይ ተበላሽዩ ኮይኑ፣ ብዘይ ክፍሊት ክንትክአልካ ኢና። ብኽብረትካ ናይ መተካእታ ካርድ ንምሕታት፣ ስምካን ኣድራሻኻን ናብ በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል ስደድ። ሓድሽ ካርድ ክወሃበካ እንከሎ እቲ ኣብ ሕሉፍ ዝነበረካ ካርድ ክዕገት እዩ።

13. **እንተደኣ ተወሰኽቲ ሕቶታት ኣለዉኒ ኮይኖም፣ ንመን ከዛርብ ይኽእል?**

   ነዚ መደብ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ'ዚ ናይ ክፍሊ መጕዓዝያ ሲያትል ድሕረ-ገጽ እውን ክርከብ ይኽእል እዩ፣ www.seattle.gov/transportation/TransitPassProgram።

   ***በዓል መዚ መንበሪ ኣባይቲ ሲያትል (SHA)***

   ቴሌፎን (ደውል): (206) 615-3551

   ኢሜይል: TransitPass@seattlehousing.org